# 39 ዜጋታትና ብጉልባብ ጸጥታዊ ስግኣት ተኣሲሮም።

ጥሪ, 2 / 2017

ምንጭታት ሰሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ከምዘረጋገጽዎ፡ ካብ ምክልኻልን ካልኦት ሚኒስትሪታትን ሰላሳን ትሽዓተን (39) ሰባት ከምዝተኣስሩ ተፈሊጡ ኣሎ። ንሳቶም ብኣዝዩ ሚስጥራዊ ጸጥታዊ መጽናዕቲ ካብ መንበሪ ገዝኦም፡ ካብ ስርሖም ገሊኦም ድማ ካብ ጐደና ተጨውዮም ተኣሲሮም ኣለዉ። ናይ 11 እሱራት ኣስማት ብጺሑና ስለዘሎ ንዝርግሖ ኣለና።

## ዝርዝር ኣስማት እሱራት፡

| ተርታ | መዓርግ ወይ ሓላፍነት | ሙሉእ ስም | ዝነበሮ ናይ ስራሕ ኣሃዱ | ዝተኣስረሉ ቦታ ወይ መንበሪ ገዛ | ተወሳኺ ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. | ምክ/ ተለንተ | ሚኪኤል ፍቓዱ ተስፋይ | ክፍለ ሰራዊት 18 | ************* | ብሕማም ኣብ ስራሕ ኣይነበረን |
| 2. | ምክ/ተለንተ | የማነ እምባየ ኣስመላሽ | ሎጂስቲክ ምክልኻል | ካብ ስርሑ | ************* |
| 3. | ምክ/ተለንተ | በራኺ ተወልደመድህን ሓጎስ | ሎጂስቲክ ምክልኻል | ካብ ዝነብረሉ ቦታ ቀሓውታ ተኣሲሩ | ************* |
| 4. | ካፒተን | ሰዓረ ስዩም ገብረወልዲ | ክ/ሰራዊት 29 ሓለዋ ትካል ህንጻ መረብ | ካብ ባጽዕ ቦታ ስርሑ ተወሲዱ | ************* |
| 5. | መራሕ ሓይሊ ሚሊሽያ | ኢብራሂም ዓብዱ ስራጅ | ህዝባዊ ሰራዊት ዞባ ጋሽ ባርካ | ካብ ባረንቱ ካብ ገዝኡ ተጨውዩ | ************* |
| 6. | ******** | ኑረዲን ዑመር ዓብደላ | ************** | ካብ ገዝኡ ካብ ኣኽርያ ተኣሲሩ | ************* |
| 7. | ******** | ኪዳነ ተኸስተ ገብረሂወት | ************** | ካብ ገዝኡ ካብ ቃኘው ተጨውዩ | ************* |
| 8. | ******** | ተስፋልደት ሃብተ ገብረንጉስ | ምቁጽጻር ስነ ስርዓት ቤ/ጽሕፈት ምክልኻል | ************* | ************* |
| 9. | ******** | ተስፋይ እስቲፋኖስ ኣድሓኖም | ******** | ************* | ************* |
| 10. | ******** | ኣማኒኤል ምሕረትኣብ ከበደ | ******** | ************* | ************* |
| 11. | ******** | በየነ ገረዝጊሄር ወልደሩፋኤል | ******** | ************* | ************* |

*** **ምልክት፡** ጌና ዘይተነጸሩ ሓበሬታ ስለዘለዉ ክሳብ ዝጻረ ከም ዘይተማልኤ ሓበሬታ ንኽውሰድ ብትሕትና ንሕብር።

**ግዜ ማእሰርቲ፥** ብዕለት 21 – 22/ December/ 2016 ተፈጺሙ። ኣዝዩ ሚስጥራዊ ጸጥታዊ ኣገባብ ዝነበሮ ማእሰርቲ'ዩ።

**ጠንቂ ማእሰርቲ፡** ጸጥታዊ መጽናዕቲ ዝተገብረሉ ክልተ ምኽንያትን ሰንሰለታዊ ምትእስሳርን ከምዘለዎ ይግለጽ። ንሳቶም ድማ

**ቀዳማይ፥** እቲ ኣቐዲሙ ብሃገራዊ ድሕነት ዝተዋህበ መምርሕን ናይ ጀነራል ፊሊጶስ ትእዛዝን መሰረት ዝገበረ ንጸጥታዊ ስግኣቶም ንምክልኻል ዝዓለመ ትእዛዝ ነይሩ። <u>**ካልኣይ**</u> ምኽንያት ግና ኣብ መስርሕ ፍሉይ ሃገራዊ ዕንወት ዝፈጥር ጸጥታዊ ሓበሬታ ስለዝረኸቡ፡ ንሳዕቤኑ ምውጋዱ ህጹጽ ናይ ማእሰርቲ ስጉምቲ ከምዝወሰዱ ዝገልጹ ኣብነታት ኣለዉ።
**ስለዚ፥** ንሕመረት ቀዳማይ ትእዛዝ ንድሕሪት ምልስ ኢልና ብምውካስ፡ እቲ ትእዛዝ ድማ ኣብ መስርሕ ብፍሉይ ጸጥታዊ መጽናዕቲ ብግዜ **<u>ድሕሪ 19 መዓልታት</u>** ዝተራእየ ሳዕቤን ማእሰርቲ ነይሩ። ስለዚ ንክልቲኡ ፍጻሜታት ብምትእስሳር ኣዛሚድና ምግላጹ ድማ፡ ንኣንበብቲ ዝተማልኤ ሓበሬታ ንምሃብ ሓጋዚ'ዩ ካብ ዝብል እምነት ተበጊስና ነቲ ሕመረት ትእዛዝ ከነቕድም።

1. ብ- 03/ 12/ 2016 "**ኣብ ኤርትራን ሱዳንን ዝተራእዩ ጸጥታዊ ስግኣት**" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ www.erifront com ይኹን Togoruba.org jeberti.com gereger.com ወዘተ ዝተቓልሐ ነታ ሓጻር ኣገዳሲት ሓበሬታ ደጊምና ንምጥቃሱ የድሊ፥

----- **<u>ቀዳማይ ፍጻሜ፥</u>** ኣብ ሰራዊት ዝኾነ ሰብ ዝጥቀመለን ውልቃዊ **ሞባይል ተሌፎናት** ከረክቡ ጥብቂ ትእዛዝን ተዋሂቡ ኣሎ ካብ ሓለቓ ስታፍ ጀነራል ፊሊጶስ። ምስቲ ትእዛዝ ድማ ከቢድ መጠንቀቕታ ስለዘለዎ፡ ተለፎኑ ዘየረከበ ሰብ ተሪር ስጉምቲ ከምዝውሰደሉ ይሕብር። ድሮ ገለ ውልቃዊ ሞባይል ተለፎናት ብሓይሊ መንዚዖም ንጸጥታዊ ስግኣቶም ዘዕበዮ ሚስጥራዊ ርክባት ንምርካብ **<u>ብተክኒካዊ መንገዲ ይፍትሹ</u>** ኣለዉ። ዕላምኡ ድማ ብሓደ ወገን ምናልባት <u>ገለ ሓበሬታ እንተረኺቦም ሰባት ኣብ ሓደጋ ምእታው'ዩ</u>። በቲ ካልእ መዳዩ ድማ ንኹሉ ርክባት ከምዝቀጻጸሩ ናይ 03 ወረ እንተ

ተዘርጊሑ ደቂ- ሰባት ካብ ምዝራብ ፈሪሖም ካብ ኩሉ ከቕጠቡ ይኽእሉ እዮም ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ድርብ ዕላማ ዝሓዘ መደብ'ዩ ኢልና ሓቢርና ምንባርና ዝዝከር'ዩ።

## መስርሕ ጸጥታዊ መጽናዕትን ናይ ማእሰርቲ ኣፈጻጽማ ኣገባቡን።

ብስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ 03/ 12/ 2016 ንሞባይል ተሌፎን ዝምልከት ዝተዋህበ ትእዛዝን ዕላምኡን ተጠቒሱ'ሎ።

**ሳዕቤኑ'ኸ?** እቲ ዝተዋህበ ትእዛዝ ኣብ መስርሕ ድሕሪ 18 መዓልታት ካልእ ሳዕቤን ኣኸቲሉ። ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል ዓሰርተ ሸውዓተ (17) ኣባላት፡ ካብ ካልኦት ሚኒስትሪታት ድማ ዕስራን ክልተን (22) ኣባላት ብድምር ድማ **39** ዜጋታትና ተኣሲሮም ። ኣብ ኣስመራ ብፍላይ 14 ዜጋታት ኣብ ሓደ መዓልትን ተዛማዲ ሰዓታትን ከምዝተኣሰሩ ምንጭታትና የረጋግጹ።

**ንጠንቂ ማእሰርቶም** ዝሃቡዎ ምኽንያት፡ ንሃገራዊ ድሕነትን ግንባርን ዝፈታተን ሓደገኛ ጸጥታዊ ስግኣት ዝነበሮ ጉዳያት ስለዝነበሩ፡ ነቲ ዘኸትሎ ሳዕቤን ንምውጋድ ብህጹጽ ክእሰሩ ግድነት ከምዝነበረ ይገልጹ።

## <u>መስርሕ ጸጥታዊ መጽናዕትን ሚስጥራዊ ኣወዳድብኡን ፥</u>

እቲ ብዕለት 03/ 12/ 2016 ተጠቒሱ ዘሎ ትእዝዛ ምስተዋህበ ሞባይል ተሌፎናት ኣኪቦም ነይሮም። ስለዚ ብዘመናዊ ተክኖሎጂ ብዝገብርዎ ተክኒካዊ መርመራ እንታይ ፍሉይ ሓደገኛ ሓበሬታ ረኺቦም ዝርዝሩ ብንጹር ኣይተፈልጠን። ይኹን'ምበር እቲ ማእሰርቲ ንምክያድ ኣብ ናይ ኣፈጻጽማ ኣገባቡ ግና ክልተ ነገራት ተጋሂዶም ነይሮም። ንሳቶም ድማ፥

**<u>ቀዳማይ</u>፥** ኣብ መስርሕ ጸጥታዊ ምክትታል እቲ ጸጥታዊ ዝርከብ ሓበሬታ ኣቕዲሙ ከይሰሉኽ ኣዝዩ ሚስጥራዊ ውዳቤ ነይሩዎ። ምኽንያቱ ብቐጥታ ዝመርሖ ዝነበረ ብሪጋዴር ጀነራል ኣብራሃ ካሳ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ፡ ምስ ሓላፊ ዞባ ማእከልን ናይ እዝታት ሓለፍቲ ጸጥታን ጥራይ ብምውህሃድ ብኣዝዩ ረቂቕን ሚስጥራውን ኣገባብ ተታሒዙ ዝጸንሐ ጸጥታዊ መደብ ከምዝነበረ ድሮ ተቓሊዑ ኣሎ።

**ኮሎኔል የማነ ኣፈወርቂ** ነቲ መስርሕ ምክትታልን ናይ ኣፈጻጽማ ኣገባቡን ብቐዳምነት ዝሰርሖ ፍሉይ ምኽንያትን ዝተደራረበ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ኣለዎ። ምኽንያቱ ኮሎኔል የማነ ሓላፊ ጸጥታ ዞባ ማእከል ጥራይ ዘይኮነን፡ ናይ ኣስመራ ጨናፍር ኣብያተ ቤት ጽሕፈታት ስለያን ኣባላትን ብሓፈሻ፡ ናይቶም ናይ ስርሒት ዝበሃሉ ዓፈንቲ ጉጅለታት ብፍላይ ሓላፍን ስለዝኾነ፡ ንዘይሰብኣዊ ተግባር ክፍጽሙ ይኹን ንገበናዊ ስጉምቲ ክወስዱ ዝፍርምን ብቐጥታ ዝእዝዝ'ዩ። እቶም ዓፈንቲ ጉጅለ ድማ፡ ምጭዋይን ምሕቃቕን ከም መዓልታዊ ስርሖም ይወስዱዎ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ **<u>ኣስመራ 14 ሰባት</u>** ኣብ **<u>ሓደ መዓልትን ተዛማዲ ሰዓታትን</u>** ከምዝተኣሰሩ ተቓሊዑ ኣሎ።

**ካልኣይ፥** ብዘይኣፍልጦ ጀነራል ፊሊጶስ ኣባላት ሚኒስትሪ ምክልኻል ምእሳር፡ ኣብ ልዕሊ ዝጸንሖም ዘይምቅዳው ካልእ ዘየድሊ ግርጭት ከስዕብ ከምዝኽእል ኣብ ሕሉፍ ተሞኩሮኦም ዘዛርቡ ኣርእስትን ዝፋለጥሉ ጉዳይን ኣለዎም። ስለዚ ሓላፊ ሃገራዊ ድሕነት ብሪጋደር ጀነራል ኣብራሃ ካሳ፡ ንጀነራል ፊሊጶስ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ከምዝሃቦ ይፍለጥ። ንሱ ድማ ብክፍሊ ሃገራዊ ድሕነት ምክትታል ክግበረሎም ዝጸንሑ ኣባላት ምክልኻልን ካልኦት ሚኒስትርን፡ ጸረ ሃገርን ግንባርን ዘመተታት ዘካይዱ ዘለዉ ኣባላት ጸጥታዊ ስግኣት ስለዝፈጥሩ ኣብትሕቲ ቀይዲ ከኣትዉ መደብ ከምዘሎ ጥራይ ይሕብሮ። ካብ ሚኒስትሪ ምክልኻል በዓል መን ኣብ ምክትታል ኣለዉ በዓል መን'ከ ክእሰሩ እዮም ዝርዝር ካብ ምሃብ ከምዝተቖጠበ ተረጋጊጹ ኣሎ።

**ስለዚ** ብሓደ ወገን እቲ ጸጥታዊ ውዳቤ ንሚስጥራውነቱን ዘመልክት'ዩ። በቲ ካልእ መዳዩ ድማ ናይ ስርዓትን ኩሎም ትካላቱን ዓበይቲ ጸጥታውን ሃገራውን ሚስጥራት ኪቃልዑ ስለዝጸንሑ ኣዛራቢ ነይሩ። ስለዚ ካብ መን ሰሊኹ ንጠንቂ ስልኳ ሓበሬታ ሓድሕዳዊ እምነት ብምጉዳል ምትሕምማይን ምውንጃልን ስለዝነበረ ሕጂ'ውን ይቕጽል ምህላዉ የረጋግጽ። ይኹን'ምበር ሎሚ ከም ናይ ቅድም ስለዘይኮነ፡ ምስ ግዜን ምዕባሌን ሚስጥራዊ ኮይኑ ተቐቢሩ ስለዘይተረፍ ድሮ ናይ ኣደባባይ ሚስጥር ኮይኑ ኣሎ።

ኣብዚ ዝለዓል ሕቶ፡ ከምቲ ብዕለት 03/ 12/ 2016 ዝጠቐስናዮ፡ ቀዳማይ ሞባይል ተለፎናት ኣኪቦም **ብተክኒካዊ ኣገባብ ክፍትሹ** ከም ዕላማ እንታይ ጸጥታዊ ምኽንያትን ፍሉይ መበገስን ነይሩዎም ዝብል መሰረታዊ ጸጥታዊ ሕቶ'ዩ ንፈልጦ ምኽንያት ስለዘየለ ብንጹር ንምቕራቡ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ይኹን'ምበር ኣብ ዝሓለፉ ጽሑፋትና ንጸጥታዊ ምዕባሌ ስለያ ኤርትራን ኣወዳድብኡን፡ ዝጥቀመሉ ሜላታት ጃፓናውያን ሰብ ሞያ ቆጺሩ ብምስልጣን ብዘመናዊ ናይ ተክኖሎጂ ጠለፋ ከምዘካይድ ገሊጽና ነይርና።

**መደምደምታ፥** ኣብ ኤርትራ ጸጥታዊ ስግኣት፡ ኢኮኖምያውን ፖለቲካውን ቅልውላው እናዓበየ ይኸይድ ከምዘሎ ኅሊሑ ብመርትዖ ተሰንዩ ክግለጽ ስለዝጸንሐ፡ ከም መቕጸልትኡ ድማ ኣብ ማእከሎት ሓለፍቲ ዘሎ ዘይዕቱብነት እናወሰኸ፡ ዘይጥርኑፍ ምንቅስቓስ ድማ እናዓበየ ይኸይድ ከምዘሎ ዘራጉዱ ተወሳኺ ፍጻሜታትን መርትዖታትን ይገሃዱ ኣለዉ። ብኣንጻሩ ድማ ስርዓት

ኤርትራ ካብ ልሙድ ዘይፍትሓዊ ባህርያቱ ተበጊሱ፡ ቅኑዕን ሰላማውን ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭት ስለዘይክተል፡ ንዝርኣዩ ተቓዉሞ ድማ ጎነጻዊ ኣገባብ ተጠቒሙ ንጹሃት ምእሳር ይቕጽሎ ኣሎ። ይኹን'ምበር እዚ ክልተ ተጻራሪ ረብሓ ዘይተዓረቕ ስለዝኾነ፡ ብምኽንያት ማእሰርቲ ነቲ መንፈስ ተቓዉሞ ከረጋግኦ ዘይክእለሉ ደረጃ ይሰጋገር ከምዘሎ ዝምስክሩ ፍጻሜታት ይውስኹ ከምዘለዉ ይራአ ኣሎ። ብካልእ ኣገላልጻ ህዝብን ሰራዊትን መሪሩዎ ውድዓዊ ኩነታት ንለውጢ ድማ በሲሉ ከምዘሎ ኩልና ንግንዘቦ ይመስለና። ብኣንጻሩ ድማ ከም ደምበ ተቓዉሞ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ብሓፈሻ፡ ነዚ ኩነታት መዝሚዝና ብኸመይ ናብ ረብሓና ነውዕሎ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ ድማ ኩውንነታዊ መልሲ ክንህበሉ መድረኽ ይጠልበና ኣሎ። ስለዚ ዝተወሃሃደ ጻዕሪ ክንገብር ማዕረ ግዴታ ከምዘለና ኩልና ንግንዘቦ ኮይኑ ከም መዘኻኸሪ ጥቕስ ኣቢልናዮ ክንሰግር ግቡእን እዋናዊ ሕቶን'ዩ ዝብል እምነት ኣለና።

ክፍሊ ዜናን ባህልን፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ። Email: uedf2012@gmail.com www. **erifront.com**